ENCDC ENF EPDP UEJ UDC

*ሓባራዊ ውሳኔታት ፖሊቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ*

ኣብ ታሕቲ ኣስማተንን ክታመንን ኣንቢረን ዘለዋ ፖሊቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ብመሰረት ዕድመ መኸሰብ ኣልቦ ማሕበር ሕትመትን ትምህርትን ኤርትራ፡ ካብ ለካቲት 2020 ጀሚረን ብደረጃ መሪሕነታዊ ኣካላተን ርክባት ከካይዳ ጸኒሐን። እዚ ርክባት'ዚ መቐጸልታ ናይቲ ኣቐዲሙ ክካየድ ዝጸንሐ ጻዕርታትን ተበግሶታትን፡ ከም'ኒ ዋዕላ ሚኒሶታ፣ ንቕሎ ኣዴታት፣ ጠለባትን ምትብባዕን ህዝባዊ ምንቅስቓሳት ኰይኑ፡ ብትሕዝቶኡ ንህልዊ ኲነታት ሃገርናን እዋንዊ ጠለባቱን ዝገምገመ፡ ንተመክሮታት ደምበ ተቓውሞ ኣወንታውን ኣሉታውን ጐድንታቱ ብወድዓዊ መንገዲ ዝዳህሰሰ ነበረ። ኣብ ጉዕዞ ምይይጣቱ ከኣ፡ ናብ ምዕዋት ሓባራዊ ዕዮ ዘድሃበ፡ ናይ ሓድሕድ ምክብባር ዝዓዘዘን፡ ዘይኣግላሊ መንፈስ ዝሰረጾን ኰይኑ ክቕጽል ጸኒሑ። ኣብዚ ዝተኻየደ ልዝብን ምርድዳእን፡ ዝተጠቕሳ ፖሊቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ነዚ ዝስዕብ ሓባራዊ ውሳኔታት ብምሉእ ድምጽን ዕግበትን ኣጽዲቐን፤

## 1. ኢሰብኣዊ ተግባራት ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ

ህዝቢ ኤርትራ፡ መሪር ናጽነታዊ ቃልሲ ኣካይዱ ከቢድ መስዋእቲ ድሕሪ ምኽፋል ካብ ኢትዮጵያዊ መግዛእቲ ተላቒቑ ናጽነት ሃገሩ ኣውሒሱ እዩ። ይኹን'ምበር፡ እቲ ስልጣን ዝጨበጠ ጉጅለ መሪሕነት ህግደፍ ትጽቢታት ህዝብና ብምጥላም ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ጨቋኒ ምልካዊ ስርዓት ከም ዝቑረን ገይርዎ እዩ።

I. ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምልኪ፡ ማሕበራዊ ትካላቱ ፈሪሱ፣ ፖሊቲካውን ሰብኣውን ክብርታቱ ተጋሂሱ፣ ቁጠባዊ ዓቕምታቱ ለሚሱ፣ ኣብ ፍጹም ጭቆና ይነብር ምህላዉ፡ ኣብ መላእ ዓለም ናይ ኣደባባይ ምስጢር ኰይኑ'ሎ፤
II. ኤርትራዊት ስድራቤት ዓንያ፣ ንማሕበራዊ ዝምድናታት ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝኣሳስሩ ኣፋትል ተበንጢሶም፣ ኤርትራውያን ዜጋታት ከኣ ናይ ምሕሳብ፡ ምንቅስቓስ፡ ኮታ ናይ ብሰላም ምንባር መሰሎም ተገፊፎም፡ ብኣሽሓት ይሰደዱን ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ይሳቐዩን ኣለዉ። መንእሰይ ኤርትራ፡ ትምህርትን ኣፍራዪ ክእለታትን ኣብ ክንዲ ምጥራይ፡ ንዓመታት ኣብ ኣስገዳዲ ዕዮን ወተሃደራዊ ኣገልግሎትን ብምሽማሙ፡ ቅብጸት ሳዕሪርዎ፡ ሃገሩ ጠንጢኑ ንሓደጋታት ስደትን ንከርተትን ተሳጢሑ ኣሎ።
III. ቅዋማዊ ስርዓት ኣብ ክንዲ ምምስራት እቲ ንዘመናት ህዝብና ክጥቀመሉ ዝጸንሐ ባህላዊ ሕግታት እውን ብዝተፈላለየ ከም ዘይሰርሕ ገይርዎ ኣሎ። ግዝኣተ ሕጊ በኹሩ፡ ሃገር ብመላኣ ከኣ መንግስታዊ ትካላት ብሰሩ ዝዓነወላ ኰይና ኣላ፤
IV. ደረት ዘይብሉ ቁጠባዊ ዕንወት፡ መሰረታዊ ኣገልግሎታት ናይ ማይን መግብን ቀረብ ከይተረፈ ዝሰኣነላ፡ ድንቁርና ዘስፋሕፋሓላ፡ ክንክን ጥዕና ድማ ዝወድቀላ፡ ኣብ ትሕቲ ዊንታ ውልቀሰብ እትግዛእ ሃገር ኰይና ኣላ።

ንሕና ንፍትሕን ግዝኣተ ሕግን እንቃለስ ፖሊቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ብመላእና ናይዚ ኣስካሕካሒ ኲነታት፡ ምንጭን ምኽንያትን ዝኾነ ምልካዊ ስርዓትን ፖሊሲታቱንን ብትሪ ንኹንን። ቀዳማይ ፍታሕ ናይዚ ጸገማት'ዚ ድማ ምልካዊ ስርዓት ብምልጋስ ክብሪ ህዝብና ምምላስን፡ ፖሊቲካዊ መስርሕ ኤርትራ ብንቡር ጐደና ክጐዓዝ ምግባርን ምዃኑ ንኣምን።

## 2. ልዑላውነት ኤርትራ

ህዝቢ ኤርትራ፡ ንነዊሕ ዓመታት ተቓሊሱ ዘረጋገጾ፡ ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዝኸሰበ ጉዳይ ልዑላውነት ኤርትራ ኣብዚ እዋን'ዚ በቲ ምልካዊ ስርዓት ዝኽተሎ ዘሎ ፖሊስታት፡ ናብ ሓደጋ ተሳጢሑ ይርከብ። ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ብ9 ሓምለ 2018 'ስምምዕ ሰላምን ሕውነትን' ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣምር፡ መግለጺ ድሕሪ ምውጻኡ፡ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነት ሃገሩ ኣሕሊፉ ክህብ ዘይኮነስ፡ እሱራቱ  ክፍትሑ፣ ደረት ኣልቦ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት መንእሰያቱ ጠጠው ክብል፣ ባብ ፖሊቲካውን ሰብኣውን ናጽነታት ክርሖ፣ ብሓጺሩ ኣወንታዊ ለውጢ ክርአ ትጽቢት ነይሩዎ እዩ። ግን መዓልታት ከይጸንሐ፡ እቲ ትጽቢታት ናብ ስግኣታት ተቐይሩ። ዓሰርተታት ኣሽሓት ኤርትራውያን፡ ብምኽንያት ዶብ ምኽፋት ናብ ጐረቤት ሃገር ክውሕዙ ተራእዮም። መራሒ ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ ድማ፡ ኣይከሰርናን ክብልን፡ ንልዑላውነት ኤርትራ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘእቱ መብጽዓታት ክህብን፡ ተረኺቡ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ ንኤርትራዊ ፖሊቲካዊ ዋኒን ንወጻእተኛታት ኣሕሊፉ ብምሃብ፡ ንቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፡ ዕላዊ ኣፈኛ ኤርትራ ኰይኑ ክምድር ዝፈቐደ ተረኺቦ ተጋሂዱ። ብኻልእ መዳይ ከኣ ዓሰብ ተኻፊልና፣ ካብ ባጽዕ ናብ ኢትዮጵያ ዝዝርጋሕ ትሕተ ቅርጻ ክንሰርሕ ኢና፣ ባሕሪ ኤርትራ ክምለሰልና እዩ፡ ብምባል  ውጥም ቅልቅል  እናበሉ ንልዑላውነት ሃገርና ክግህሱ ዝወጣወጡ ተዓዚብና። ካብ'ዚ ሓቅታት'ዚ ብምብጋስ፥

1. ፖሊቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ልዑላውነት ኤርትራ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ዘይገሃስ፡ ምዃኑ ይኣምኑ። ነጻነት ኤርትራን ልዑላውነታን ናይ ህዝቢ ኤርትራ እምበር ብውሳኔን ድሌትን ናይ ዝኾነ ይኹን ኣካል ዝቕየር ሰለዘይኮነ፡ ንሕና ፖሊቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ናጽነታ ዘውሓሰት ኤርትራ ንምሕላውን ንምዕቃባን ከም ወትሩ ክሳብ መወዳእታ ከም እንቃለስ ደጊምና ነረጋግጽ።
2. እዚ ፈተነ'ዚ፡ ንዝምድና ኤርትራ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ኣበላሽዩ ናይ ኢድ ኣእታውነትን ጠብሎሎቕን ኣንፈታት ብምግሃዱን፡ ንኣስፋሕፋሕቲ ሓይልታት ናይ ምዕምጣር ወኖም ብምብርባሩን፡ ከም ሃገራውያን ፖሊቲካዊ ሓይልታት፡ ብዛዕባ ዝምድና ጐረባብቲ ሃገራት  ተረኺቡ  ዘሎ ምዕባሌ ኣዝዩ ኣሻቓሊን ኣሰካፊን ምዃኑ ንገልጽ። ካብ ኢድ ኣእታውነትን ናይ ምስፍሕፋሕ ባህግታትን ናጻ ዝኾነ ጥዑይ ዝምድና ንኽፍጠር ድማ፡ ንኹሎም ፈተውቲ ንጽውዕ።

## 3. ኤርትራውያን ስደተኛታት

ቃልስን ስደትን፡ ቅድሚ ናጽነት ኰነ ድሕሪ ናጽነት መናብርትን መለለዪን ኤርትራውያን ኰይኖም ጸኒሖም ኣለዉ። ድሕሪ ናጽነት እውን ጉዳይ ስደት ብኢሱ'ምበር ኣይዓረፈን። ስደት ኤርትራውያን፡ ንኩሉ ክፍልታት ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝተንከፈን፡ ብዓብላልነት ፍልሰት መንእሰያት ኤርትራ ዝግለጽን ክኸውን እንከሎ፡ ንትሕተ ዕድመን ሽማግለታትን፡ ንኣዴታትን ኣቦታትን እውን ዘጠቓለለ ክውንነት እዩ። ኣብ ባሕሪ፡ ኣብ ምድረ በዳ፡ ኣብ ኣእዳው ገበነኛታት ዝወደቐ ህይወት ኤርትራውያን ማእለያ የብሉን። ስደት ዘስዓቦ፡ ኤርትራዊ ህልቂት ኣብ ቦታኡ እናሃለወ፡ እቲ ካብ ህልቂት ኣምሊጡ ዝሰገረ፡ ዑቕባ ዝረኸበ፡ እውን እንተኾነ፡ ዘሕልፎ ዘሎ ቁጠባውን ስነ ኣእሙራውን ማሕበራውን ተጽዕኖ፡ ክሳብ ክንደይ ከቢድ ምዃኑ፡ ፖሊቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ዝግንዘቦን ዘስተብህለሉን ጉዳይ እዩ። ሓላፍነት ናይዚ ኩሉ በደል ዝስከም፡ ሕጂ'ውን ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ ምዃኑ ይኣምን፡ እቲ ኣዋጻኢ ፍታሕ ከኣ ሕጂ'ውን ምልጋስ እቲ ስርዓት እዩ። ይኹን'ምበር ኤርትራውያን ስደተኛታት በቲ ገበነኛ መላኺ ዝወረዶም በደል ከይኣክል፡ ኣብ ገለ ቦታታት  ምክልባትን፡ ዘይቅሱን ህይወትን ከሕልፉ ይግደዱ ብምህላዎም  ንሕና ፖሊቲካዊ ሓይልታት ተቓውሞ  ኤርትራ፡ ነዚ  ዝስዕብ  ነስፍር፥

1. ንስደተኛታት ኤርትራውያን ተቐቢሎም፡ ኩነታቶም ተገንዚቦም፡ ከይሰልከዩ ፖሊቲካዊ ዑቕባን ሰብኣዊ ረድኤትን፡ ንዘበርከቱ፡ ሃገራትን፡ ኣህጉራዊ ትካላትን፡ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ዕዙዝ ምስጋና ይብጻሓዮም። ካብ ሓደጋታት ባሕርን ምድረበዳን፡ ንምድሓን ስደተኛታት ዝዋፈሩ ትካላትን፡ ውልቀሰባትን  ኣድናቖትን ናእዳን ነመዝግብ። ኩለን ሃገራት ፖሊቲካዊ ዑቕባ ንዝሓቱ ኤርትራውያን፡ ምቕባልን ምስትንጋድን ክቐጽላ ከኣ ጸዋዒትና ነቕርብ።

II. ብፍላይ ኣብ የመንን ካልኦት ሃገራትን ዝርከቡ ቆላሕታን ሓልዮትን ዝሰኣኑ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ከምኡውን ኣብ ውሽጢ ሃገር ካብ መነባብሮኦም ተምዛቢሎም ክከላበቱ ዝነብሩ ዘለዉ ኤርትራውያን፡ ብዞባውን ኣጉራውን ትካላት ግብረሰናይ፡ ፍሉይ ቆላሕታን ደገፍን ክግበሮሎም ጸዋዒትና ነቕርብ።

III. እቶም ንኤርትራውያን ስደተኛታት ንምዕቃብን ንምሕጋዝን ባቦም ኣርሒዮም ዝቕበሉን ዝያዳ ክብደት ዝስከሙን ዘለዉ ጐረባብትና ሃገራት ብፍላይ፡ ልዑል ምስጋና ይብጻሓዮም። መንግስታትን ህዝብን ድማ ከም ቀደሞም ነቲ ኤርትራውያን ሰደተኛታት ዝተመኲርዎ ልግስን መስተናግዶን ክቕጽልዎ ዕቱብ ጸዋዒትና ነቕርብ።

## 4. ምድንፋዕ ቃልሲ ህዝብና

ኣብ ሃገርና ፍትሕን ዲሞክራስያዊ ለውጢን፡ ንምርግጋጽ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኰነ ኣብ መላእ መኣዝናት ዓለም ዝርከብ ህዝብና፡ ምስ ኩሉ'ቲ ዝገጥሞ ተጻብኦታትን ማሕለኻታትን ብዝተፈላለየ መንገድታት ዓትዒቱ ሒዝዎ ንዘሎ ጨቋኒ ስርዓት ንምውዳቕ ክቃለስ ይርከብ። ነዚ ክውንነት'ዚ ብዝምልከት፥

- ሕኑን ናይ መድያ ንጥፈት ካብ ውልቃዊ ተበግሶታት ጀሚሩ ክሳብ ዝተወደበ ናይ ተለቪዝን ኣገልግሎታት ዝጥቀም ጸረ ምልካዊ መኸተ ይዋፈር ኣሎ፤
- ኣብ ግዳም ብ"ይኣክል" ዝፍለጥ ህዝባዊ ምንቅስቓሳት፡ ነቲ ስርዓት ከርዕድ ብዝኽእል መንገዲ ይሓንን ኣሎ፤
- ናይ መጽናዕቲ ማእከላት፡ ናይ ሰብኣዊ መሰል ተጣበቕቲ ጉጅለታት፡ ከምኡ'ውን በርጌሳዊ ማሕበራት ደቂ ኣንስትዮን ስነ ጥበባውያንን፡ ነቲ ስርዓት ንምድኻም ተራኦም ይዓሙ ኣለዉ፤
- ኣብ ውሽጢ ዝርከብ ህዝብና ድማ ነቲ ፍሉይ ባህሪ ናይቲ ስርዓትን ናይ ጭቆና ስልትታቱን ብዝብድህ ኣገባብ ተቓውሞኦም ብምርኣይ ናይ እምቢታ መንፈስ የበርኽዎ ኣለው፤

  ካብዚ ዝተጠቕሰ ክውንነት ብምብጋስ፥

  I. ንሕና ፖሊቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ነዚ ህልዉ ኩነታት'ዚ ብምጽብጻብን፡ መደረኽ ዝጠልቦ ሓላፍነትና ብምስካምን፡ መሳርዕና ብሓባር ጸሚድና ጽፉፍ መደባት ብምስራዕ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ቃልሲ ነዚ ምልካዊ ስርዓት ንምምካት ተዓጢቕና ተበጊስና ከም ዘሎና ንመላእ ህዝብናን ንፈተውትን ነበስር።

  II. መላእ ህዝብና ድማ ብኩሉ ክፍልታቱ ሃገር ንምድሓን፡ ደሞክራስያዊ ለውጢ ብምርግጋጽ መሰላቱ ንምምንዛዕን፡ ፍትሕን ግዝኣተ ሕግን ንምንጋስን፡ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ብምሉእ ዓቕምታቱ ተሳትፎኡ ከደንፍዕ ጸዋዒትና ነቕርብ።

## 5. ሰራዊት - ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ

ወተሃደራዊ ትካል ኤርትራ፡ ካብቶም እቲ ስርዓት ዝምርኰሰሎም ቀንዲ ትካላት ይኹን'ምበር፡ ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ንቡር ዝተነፍጎም፣ ኣብ ኣገልግሎት ናይ ውሑዳት ዝውዕሉ፣ ማሕበራውን ቁጠባዊን ኩነታቶም ዝተጸቕጠ፣ ማዕረ ሞያኦም ዘይማዕረጉ፣ ብብልሸው ምምሕዳራት ዝብደሉ ኣካል ህዝብና ምዃኖም ንርዳእ። ሰራዊት ኤርትራ፡ ማዕረ'ቲ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ጭቁናት እዮም። ከም ሰቦም ድማ መሰልን ክብርን ይግብኦም። በዚ ምኽንያት ኣብ መስርሕ ጸረ ምልካዊ ቃልሲ፣ ኣካል ህዝቢ ኤርትራ እዮም ኢልና ንኣምን። ስለ'ዚ ኩሎም ክፍልታት ሰራዊትን ሓይልታት ጸጥታን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኩሉ ትካላት ህልዊ ስርዓት ዝዋፈሩ ዘለዉ ዜጋታትና፡ ምስ ህዝቦም ወጊኖም፡ ነቲ ጨቋኒ ምልካዊ ስርዓት ኣብ ምውዳቕ ተራኦም ክዓሙ ጸዋዒትና ነቕርብ።

## 6. ዝምድናታትና ምስ ዞባውን ኣህጉራውን ሓይልታት

ኤርትራ ከም ሃገር ንኣህጉራዊ ውዕላት እተኽብር፡ ንመሰል ደቂ ሰብ እትጣበቕ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ክቡር ቦታ ክህልዋ ዝግባእ፡ ናጻ ሃገር እኳ ትኹን'ምበር፡ ብሰንኪቲ ፖሊሲታት ምልካዊ ስርዓት፡ ተነጽሎን ንዕቀትን ከገጥማ ዝጸንሐ፡ ከም ፍሽልቲ ሃገር፡ ክትግለጽ ዝጸንሐት እያ። ካብዚ ሓቂ'ዚ ብምብጋስ ፖሊቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ንሃገረ ኤርትራ ብዝምልከት ካብ ዘላቶ ንክትትንስእ፡ ሓንቲ ንከባቢኣ ሓደጋ ዘይኰነት፣ ህዝባ ዝኾርዓላ፣ ብኣህጉራዊ ውዕላት እትቕየድ፣ ዲሞክራስን ስርዓተ ሕግን ዝሰስነላ ሃገር ንኽትከውንን፡ ሃገራዊ ክብራ ንኽምለስን ዝቃለስ ሓይልታት እዩ።

ንሕና ፖሊቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ነዚ ተረድኦዚ ንምስላጥ ምስ ኩለን ሃገራት ብሓፈሻ፡ ምስ ገረባብቲ ሃገራት ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ሓድሕድ ምክብባርን፡ ናይ ሓድሕድ ረብሓታት ምሕላውን ዝተመርኮሰ ዝምድናታት ክንፈጥርን ከነደልድልን ቅሩብነትና ንገልጽ።
ምስቶም፡ ንጉዳይና ተረዲኦም፡ ንልዑላውነትናን ናጽነትናን ዘኽብሩ ፈተውትና፡ ሃገራትን ሓይልታትን ከኣ፡ ዝምድናና ኣትሪርና ከም እንኈዓዝ እናገለጽና፡ ምልኪ ኣብ ምስዓር ተራኡ ዘበርከት ፖሊቲካውን ንዋታውን ንያታውን ደገፋት ከበርክቱልና ንሓትት።

## 7. ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፣

ናይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ጉዳይ ዶብ ብዝምልከት፡ ዋላኳ ኣህጉራዊ ብይን ዝተዋህቦ ይኹንምበር ተንጠልጢሉ ብምጽናሑ፡ ወልቀ መላኺ ንምንዋሕ ስልጣኑ ክጥቀመሉ ዝጸንሐ ጉዳይ እዩ። ኣብ ገለ እዋን ጉዳይ ዶብ ከይተሓንጸጸ ሰላም የለን፣ ኣብ ዘይርጉእ ኩነታት ኣሎና፡ ብዛዕባ ዲሞክራሲ ኣይኮንናን ንሓስብ ዘለና፡ ሃገር ኣብ ሓደጋ ኣላ ብምባል ይጉስጉስ። ጸኒሑ፡ ንረብሓኡ ዘገልግል ካልእ ምዕባለ ኣብ ዝተጋህደሉ ድማ፡ ብዛዕባ ዶብ ምዝራብ ትርጉም የብሉን፡ ጉዳይ ሰላም እምበር ጉዳይ ዶብ ካልኣዊ እዩ ክብል ይረኣ። እዚ ነቲ ሃገርን ማሕበራዊ ትካላቱን ኣብ ምርማስን፡ ፍጹም ምልኪ ኣብ ምርግጋጽን ዝጥቀመሉ ሜላ እምበር ንረብሓ ሃገር ከም ዘይነበረን ከም ዘይኮነን ብምግንዛብ፥

ንሕና ፖሊቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ካብ ዘሎና ሃገራዊ ሓላፍነትን፡ ምስ ኩሎም ጐረባብትና ሃገራት ዘሎና ሓልዮት ሰላምን ርግኣትን ብምብጋስ፡ ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ብመሰረት ብይን ኣህጉራዊ ኮምሽን ዶብ ኣብ ግብሪ ክውዕል ንኣምን። ብዛዕባ'ቶም ኣብ ዶባት ዝነብሩ ኣህዛብ ከኣ፡ ኣብ እዋን ምሕንጻጽ ዶባት፡ ክርአ ንዝኽእል ጸገማት ንምፍታሕ ናይ ልዝብ ቅሩብነት ምርኣይ ከም ዘድሊ እምንቶና እዩ።

## 8. ስልትታት ስርዓት ምልኪ ንምብርዓን ቃልሲ ህዝቢ፣

ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ ንዘለዎ ዓቕምን ሓይልን ኣዋፊሩ መጋበርያታቱ ብምልኣኽ፡ ብቅሉዕን ብስቱርን፡ ንሓይልታት ደለይቲ ፍትሒ ክበታትን ክቃለስ ጸኒሑ እዩ። ኣብ ውሽጢ ደለይቲ ፍትሒ ብምስላኾ ሕንፍሽፍሽ ንምፍጣር፡ ኣሽሓት ዶላራትን ብዙሓት ውልቀሰባትን ኣዋፊሩ ከሰርሕ ጸኒሑን ኣሎን። ገለ ካብቶም ዝጥቀመሎም ስልትታት፥

- ውድባት ኣይረብሓን እየን ብምባል ህዝቢ ንከይውደብ ምጉስጓስ፣
- ማሕበራዊ ፍልልያት ብምስዋር/ብምጽሕታር፡ ደለይቲ ፍትሒ ኣብ ሃይሞኖታዊ፡ ኣውራጃዊ፡ ብሄራዊ ፍልልያት ንክነብሩ ምጽዓር፣
- ብዕድመን ጾታን ከም ዝፈላለዩ ብምግባር፡ ዓበይቲ ኣይረብሑን ወይ ንኣሽቱ ኣይረብሑን ዝብል ወፈራታት ምክያድ፣ በዚ ከኣ ነቲ ብናህርሪ ዝኸይድ ዘሎ ናይ ቃልሲ መድረኻት ምጉንዳብን ናብ ዓውዲ ግጭት ምቕያርን፣
- ነቶም ሃገሮም ንምድሓን ብተዋፋይነት ዝቃለሱ ናይ ግዳም መሳርሒታት እዮም ብማለት ምጥቃን፣ ወዘተ... ዝኣመሰሉ ይርከብዎም።

ኣብ ክሊ'ዚ ናይ ተንኰልን ሽርሕን ንጥፈታት ምልካዊ ስርዓት፡ ሓያሎ ኣካላት ወይ ውልቀሰባት፡ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ፡ ንገዛእ ርእሶም መሳርሒ ምልኪ ብምግባር፡ ነዚ ፍልልያት'ዚ ናብ ዘዕሙቕ ንጥፈታት ተዋፊሮም ምጽንሖም ንኪታተሎ ዘሎና ጉዳይ ኢዩ። ገለ ኣካላት ድማ ብዝተወደበ መልክዕ፡ ንሓድነትን መንነትን ህዝቢ ኤርትራ ብዘቆናጽብ መንገዲ ናይ ምፍልላይ ወፈራኦም ከካይዱ ጸኒሖም።
ንሕና ፖሊቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ንብዙሕነት ሕብረተሰብና፡ ሃገራዊ ጸጋ ምዃኑ ንኣምን። ንልዑላውነትን ናጽነትን ኤርትራ ዝፈታተን እቲ ምልካዊ ስርዓት ብምዃኑ፡ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ ምልካዊ ስርዓት ጥራይ ምዃኑ ንኣምን። ካልኦት ሓይልታት ምስ ብዙሕነቶም መላፍንትን መሳርሕትን እምበር መቐናቕንቲ ኣይኮኑን። ካብ'ዚ ብምብጋስ ኩሎም እቶም ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ፡ ኣብ ሑቕፊ ኣተሓሳስባን ስልትን ምልኪ ንነብሶም ዝድርብዩ ዘለዉ ወገናት፡ ካብቲ ንምፍልላይ ዘጐሃህር ወፈራኦም ተቘጢቦም ንሓድነት ህዝብና ዘገልግል ንጥፈታት ክካይዱ ንጽውዕ። ንውድባት ምንቃፍ፡ ምእራም፡ ንቡር'ዩ ንዕቤት ዘማዕዱ ተግባር ምዃኑ'ውን ንግንዘብ፣ ውድባ ኣየድልን ዝብል ወፈራ ምክያድ ግን፡ ንምልካዊ ስርዓት ዘኸስብ ብምዃኑ ብእዋኑ ክግጠም ዘለዎ ጉዳይ ምዃኑ ነተሓሳስብ።

## 9. ምልካዊ ስርዓትን ሕማም ኮሮና ቫይረስን (ኮቪድ 19)

እቲ ንምሉእ ዓለም ዘናወጸን ንኹለን ሃገራት ኣብ ፍጹም ተጠንቀቕ ዘእተወን ተላጋቢ ሕማም፡ ኮሮና ቫይረስ (ኮቪድ19) ንመላእ ህዝብና ኣብ ተጠንቀቕ ኣእትዩ እዩ። ንምምካቱ ከኣ፡ ኣብ ኩሉ ኩርነኣኣት ኦኣለም ዝርከብ ህዝብና ብኹሉ ዓቕምታቱ ተዋፊሩ፡ ብገንዘብን ብንዋትን ተወፋይነቱ ኣመዝጊቡ። ንከም'ዚ ዝበለ ተወፋይንትን ምድግጋፍን፡ ነድንቖን ነመጉስን። ይኹን'ምበር ስርዓት ኤርትራ፡ ብዝተኣከበ ገንዘብ ቆፎኡ ምምላኣ እንተዘይኰይኑ፡ ናብ ህዝቢ ኣይዘርግሖን። ማሕበራውን ቁጠባውን ምንቅስቓሳት ከዓጹን፡ መገሻታት ከኽልክልን ጸጥታዊ ምክትታላት ከደልድልን ጥራሕ እዩ ተራእዩ። እዚ ጸጥታዊ ስጉምታት ብዝተጸንዐ ፖሊሲ ምክልኻል ኮሮና ዘተሰነየ ብምዃኑ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ እቲ ኣዝዩ ኣሰካፊ ኰይኑ ዘሎ ጉዳይ ህዝብና ንጥሜትን ሕማምን ተሳጢሑ ምህላው እዩ። ኣብ ገለ ቦታታት ኤርትራ ብሰንኪ'ቲ ስርዓት ዘጋደዶ ሰብ-ሰርሖ ጥሜት፡ ንጹህ ህይወት ይሓልፍ ኣሎ። ውድቀት ክንክን ጥዕና ይቕጽል ኣሎ። ኣብ'ተን ፈቐዶኡ ተሰሪተን ዘለዋ ኣሰቀቕቲ ኣብያተ ማእሰርትታት ተዳጉኖም ዝርከቡ ናይ ፖለቲካን ሕልናን እሱራት ኣካል ህዝብና'ውን ሃለዋቶም ዝፍለጥ ኣይኰነን።
እዚ ጉዳይ'ዚ ኣዝዩ ዘሻቕልን ዘተሓሳስብን ስለ ዝኾነ፣ ህዝብና ኣንጻር እዚ ስርዓት ዘካይዶ ሓርነታዊ ቃልሲ ከሕንን ንጽውዕ፤ ኩሎም ብሰብኣዊ መሰላት ዝግደሱ ኣህጉራውያን ትካላትን ማሕበራትን ከኣ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ህግደፍ ግቡእ ጸቕጢ ከገብሩ ኣትሪርና ንምሕጸን።

ውድቀት ንመላኺ ስርዓት ኤርትራ!
ህዝቢ ኤርትራ ክብሩን ሓርነቱን ተሓልዩ ንዘልኣለም ይንበር!

ፖሊቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ክታም

*ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ (ኤሃባደለ)* ________________

*ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር (ኤሃግ)* ________________

*ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ (ሰዲህኤ)* ________________

*ውድብ ሓድነት ንዲሞክራስያዊ ለውጢ (ውሓዲለ)* ________________

*ውድብ ሓድነት ኤርትራውያን ንፍትሒ (ውሓኤፍ)* ________________

ሓምለ 2020